ብምኽንታይ ዕረፍቲ ሓርበኛ ጻጋይ
ገብረመድህን ናይ ሓዘን መግለጺ




ወየ ወደቦይ ገብረመድህን ከደ
ሃገራዊ ስምዒት ሓዲርዋ ከይተገደደ
ካብ ሱዳን ወሪዱ ንሜዳ
ካብ ኣስካርባ መሪጹ ሽዳ
ምስ ወተሃደራዊ ዕጥቁ
ምስቶም ንሰውራና ዘዕጠቑ..

ክንዲ ኑኡስ ዓቢ ኮይኑ ክብል ወየ
ስድራቤት ጻጋይ ወየ ተቐበሉ ሃየ
ኣብ ጎልጎል ራህያ እንዳ ተጻወተ ዝዓበየ
ሓመድ ድብ ኣብ ቀጽሪ እንዳ ሰላሰየ
ደሓንኩን እንዳ በልኩ ክፋነወካ እየ..

ካብ ፈተውቱን መቕርቡን መልቀስ
ወደቦይ ገብረመድህን ቀሲኑ ክድቅስ
ክንስዕቦ እንበር መን ኣሎ ዝምለስ..

ሓለንጋይ ጻጋይ ነዊሕ ቁመቱ
ዓጢቑ ዘዕጠቐ ንመቃልስቱ
ጻጋይ ሕቡን ዩ ብኤረትራውነቱ
ጻጋይ ሳሓቕ እንበር ኩራ ዘይፈቱ
ሂወቱ እንበር ታርሪኹ ዶ ሞይቱ..

ንሜዳ ወሪዲ ንነጻነት ኤረትራ
ሓርበኛ ጻጋይ ወዲ ዓዲ ወገራ

ተቃሊሱ ጻረ መግዛእቲ ኣምሐራ..

ወደባይ ገብረመድህን ጸጋይ
ዓሪፍካ ዶ ገዲም ተጋዳላይ
ዓዲ ወገራ ላዕላይ ታሕታይ
ኣያይ ኣቦይ በላ በዓል ሳንዳይ..

ሓርበኛ ጸጋይ ጥዑም ቃሉ
ጋምበለ ምስ ከላሽን ኣየ ከምሕረሉ
ዓድና ጋሻ ይመጽእ ኣሎ ተቐበሉ..

ተጋዳላይ ጸጋይ ዓስከር ሓርነት
ናይ ሱሳታት ተጋዳላይ ንነጻነት
ወዲ ኣከለጉዛይ ዝባውንቲ ዓረት..

ንነጻነት ንሓርነት ግዳም ዝሐደረ
ብዘይ ድልየቱ ዶብ ምስ ተባረረ
ኣብ ሃገር ሽወደን እንዳ ነበረ
ኣንጊሁ ናብ ስራሕ እንዳ ወፈረ
ብሓደጋ መኪና ካብ ስራሕ ዝቦኾረ..

ጸጋይ ውሕድ ዶ ተሳቒኻ
ኣሰር ኣያታትካ ካብ ሰዓብካ
ያኣክል ኢልካ ካብ ነቓልካ
መንግስተ ሰማይ የዋርስካ..

ንሓርበኛ ጸጋይ መንግስተ ሰማይ
ንስድራቤት ሩሑቕን ቀረባን ዘለኹም
ንህልዋት ጠሊ ይግደፈልኩም

ንብል ኣሎና  ጽንዓትን ይሃብኩም..

ብሽም ኩሎም ናይ ሐዘንኩም ተኻፈልቲ ፈተውቱን ኣብ ሩሕቕን ቀረባን ዘለዉ ደቂ ዓዲ ወገራን፡ ከም ኩሎም ጀጋኑና ጸጋይ ቀሺ ገብረመድህን ህያው ዩ ታሪኹ፡፡

ገጣሚ በርሀ ዑቁባዝጊ ሃገር ጀርመን፡፡